# መግለጺ ሓዘን





ብጻይና ኣደም ሓምድ ሳልም ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ኣብ መደበር ከሰላ ሃገረ ሱዳን  ትማሊ ዕለት 20-11-2018 ቅድሚ ቀትሪ ብሕማም ምኽንያት ብሰላም ዓሪፉ።

ብጻይና ኣደም ሓምድ ሳልም ብ 1958 ዓም ኣብ ሃይኮታ ጋሽ  ተወሊዱ። ኣብ 1978 ድማ ኣብ ተሓኤ ተሰሊፉ፣ ኣብ 13-01- 1980 ዓ ም ናይ ሕቘኡ ብምስንካል ክልተ ኣእጋሩ ለሚሱ ።

ብጻይና ኣደም ሓምድ ካብቲ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት ኣትሒዙ ምስ ኩሉ ናይ ኣጋሩን ምልማስን ቃንዛን ብምሉእ ሞራልን ንዓኡን ብጸቱን ሓልዮት ብዘይ ዕረፍቲ ብላኻ ዝስራሕ ንብረት ንዝሰርሖ ንዕዳጋ ወሪዱ ተሸይቱ ዋጋ ብምውጻእ ዝሕግዝ ምንባሩ ክሎም ብጾቱን ከባቢኡን ዝፈልጥዎ ሓቂ ኢዩ።

ናይ ብጻይና ኣደም ሓምድ ሳልም ካብዚ ዓለም ምፍላዩ ብዓቢኡ ንስድራቤት፣ ካልኣይ ድማ ንኩሎም ብጾቱ ዓቢ ሓዘን ብምኧኑ እንዳገለጽና፣ ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ ናይ መሪር ሓዘን ተኻፋሊ ስለ ዝኾነ፣ ንስድራ ቤቱ ጽንዓቱን ንኹሎም ብጾቱን ጽንዓት፣ ንመዋቲ ድማ መንግስቲ ሰማይ የውርሶ እንዳበለ ሓዘኑ  ይገልጽ።

ተስፋይ ተኽለዝጊ

ኣቦ መንበር ማሕበር ኣካለ ጽጉማን ኤርትራ



